<u>ከም ነብስኻ ምኽኣል ዝመስልዎ የለን።</u>

ነብስኻ ምኽኣል መትከል መንግስትን ህዝብን ኤርትራ እዩ። ነብስኻ ምኽኣል ካብ ተንበርካኽነት፣ ልማኖን ተጸባይ ትኳቦ ነጻ ክትከውን ይገብረካ። ነብሱ ዝኸእል ሕብረተሰብ መንነቱን ከቢሩ ይነብር። ነብሰ ተኣማንነት የጥሪ። ህዝቢ ኤርትራ ነብሱ ናይ ምኽኣል ባህሊ ካብ ብዙሕ ዓመታት ዘጥረዮ ዘይቅየር፣ ዘይብለልን ዘይሃስስ ባህሊ እናተወራረሰ ካብ ውሉድ ንዎሎዶ ዝተሓላለፍ ዘይበርስ ሃብቲ እዩ። ነዚ ኩቡር ባህሊ ንምድምሳሱ ብጽላእትናን መወልቶምን ዘይተፈንቀለ እምንን፣ ዘይተሃንደሰ ተንኮላትን የለን። ብኡ ምኽንያት ምስ ኣበዮም ዕሱባትን ስሩዓት ደቂ ሃገር ብምኽታብ ፈተነታቶም ካብ ምቅጻል ኣየዕረፉን ኣይከዕርፉን ከኣ'ዮም።

እንተኾነ ግን ንብዓል ቅኑዕ መትከል ዝኾነ ይኹን ጉጅለ፣ ሓይሊ ወይ ውን መንግስቲ ክስዕሮ ዘበት'ዩ። እዚ ከኣ ብተግባር ናብቲ ነዊሕ ዘሕለፍናዮ ጉዕዞ ቃልስን ሕጂ እነሕልፎ ዘሎና ጽንዓት መኸተን ዝተመስከረን ዝምስከር ዘሎ ሓቂ'ዩ። ሎሚ ብዘሎና ርእሰ ተኣማንነት ንዝመጸ ተጻብኦታት ዓይነቱን ባህርያቱን፣ ካበይን ብመንን ተበጊሱ ብዘየገድስ ኣብ ምፍሻሉ ዘሎና ዓቕምን ፍልጠትን ካብ ኩሉ እዋን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በሪኹና ምህላውና ሓበን ይስምዓና።

ምዕራባውያን ንህዝቢ ሳልሳይ ዓለም ብፍላይ ከኣ ንህዝቢ ኣፍሪቃ ካብ ባርነትን ተጸባዪ ትኳቦ ምኳን ሓሊፉ ብነብሱ ክሓድር ስለ ዘይደልዩዎ፣ ብኻልእ መዳይ ከኣ ናይ ገዛእ መሬቱ ጸጋ ተጠቃሚ መታን ከይከውን፣ ብጥዑም ቃላት ዝተሸፈነ እከይ ተግባራት ብምጥቃም ፣ ኣእጋሩ ሓሊኮም ፣ ኣእዳዉ ኣሲሮም ሓንጎሉ ደፊኖም፣ ኣእዛኑ ኣጽሚሞም ብዛዕባ ሃገሩን ህዝቡ ከይማጎትን፣ ባህርያዊ ሃብቱ ኣብ ረብሓኡ ከየውዕሎ ገበርቲ ሰናይ (NGO) ዝባሃላ ቆብዕ ፈላሲ ዝለበሳ ሰይጣናዊ ስርሃት ዘካይዳ ማሕበራት ብምውፋር ንህዝቢ ኣፍሪቃ ኣብ ቕሉዕ ባርነት ኣእቲዮንኦ ይርከባ።

ንእከይ ተግባራተን ዝምክት ሓይልን መንግስንትን ብግብረ ሽበራ ዝብል ስም እናኣጠመቓ፣ ኣብ ሞንጎ መንግስትን ህዝብን ሓዊ እናወልዓ፣ ዓለምና ሰላም ንከይትረክብ ህዝቢ ኣብ ዓዱ ቀሲኑ ንከይነብር ጌረንኦ ኣለዋ። ካብኡ ሓሊፈን ምልካዊ ስርዓት፣ ሰብኣዊ መሰል ዝገፍፍ እናበላ ነቲ ሰንኮፍ ኣተሓሳስባ ወይ ውን ግሩህ ዝኮነ ሰብ ብቐሊሉ ክኸስብኦ ይርከባ። ግን ካብ ሞት ዘድሓኖኦ ዉሑድ'ዩ። ምድረበዳ ሊብያ፣ ጎላጉል ሲናይ ብዓቢኡ ከኣ ሰላማዊ ውቅያኖስ ብሰንኪ እዘን ማሕበር ሰይጣውንቲ ዘዋፈሮኦ ናይ ጥፍኣት ዘመተ መቓብር ንጹሓት ኮይኑ ኣሎ።

ናብቲ ቀንዲ ኣርእስተይ ክምለስ፣ ከም ነብስኻ ምኻል ዝመስልዎ ነገር የለን። እቶ ውጻእ፣ ንዓ ኪድ፣ ወስኽ ወይ ውጻእ ወዘተ... ዝባሃሉ ቢሂላታት ፈጺሞም ዝጠፍእሉ ናይ ሓንጎልን ኣካልን ደስታ ትረኽበሉ ናይ ግዜ ገደብ ዘይራኣየሉ ሙሉእ ብሙሉኡ ጠንቀላዕላዕ ትብለሉ፣ ህጻናት ከምድላዮም ዝዕንድሩሉ ኩነታት መታን ክህሉ ነብስኻ ኪእልካ እትውንኖ ንብረት ምስ ዝህልወካ'ዩ። ነዚ ኣብነት ዝኾኑና ብዙሓት እኳ እንተ ሃለዉና፣ ሕጂ ብዛዕባ ኣብ ኦክላንድ ካሊፎርኒኣ ዘሎ ብኤርትራውያን ዝውነን ማህበረ ኮም (ECCCC) እየ ክገልጽ ደልየ ዘለኹ።

ኣክላን ኣብ በይ ኤርያ እትርከብ ከም ምዃና መጠን ነተን ኩለን ኣብ ከብቢኣ ዘለዋ ከተማታት ተማእከል። ኣብ ታሪኽ ፖሎቲካ ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ካብ ቀደም ኣትሒዛ ፍልጥቲ ከተማ እያ። ብማእከልነታን ኣቀማምጣኣን ዘለዋ ጽባቐ መሰረት ብዙሓት ኤርትራውያን ኣብኣን ኣብ ከባቢኣን ካብ ቀደም ጀሚሮም ይነብሩዋ። ብኡ መሰረት ከኣ ብርቱዕ ኤርትራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ውዳበን ቃልስን ዝካየደላ ከተማ ክትከውን ተመርጸት። እብ ዝሓለፈ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ፣ ኣብ ወራር ወያኔ ንልዕላውነት ሃገር፣ ሕጂ ከኣ ኣብ ስነ ኣእምራዊ ኲናት ዝካየደሉ ዘሎ ቃልስታት እዘን ኩለን ማሕበረ ኮማት ማለት ካብ ሳንታ ሮሳ ክሳብ ሳንሆዘ፣ ካብ ሳክራመንቶ ክሳብ ሳንፍራንሲስኮ ምስ ኦክላንድ ዘካየድኦ ቃልስታትትን ዓወታን እዝን ክንድዝን እልካ ንምግማቱ ዘጸግም ኣዝዩ ግዙፍ ኣስተዋጾ ገረንየን ይገብራ ከ ኣለዋ። ኣብ መንጎ እዚኤን ማሕበረ ኮማት ዘሎ ሃገራዊ ፍቕርን ስኒትን ነቲ ከም እሳተ ጎመራ እናኣንበልበለ ከጥፍኤን ዝመጽእ ተጻብኦታት ከም ትኪ ኣብኒነን ኣላሽ ኣቢለንን የብላ ኣለዋን።

እቲ ቃልሲ ምስ'ዞም ዝጠፈሹ ኣይኮነን። እንታይድኣ ምስ ጎይቶቶም እዩ። ናይዚ ዓቢ ኣብነት ከኣ መንግስቲ ኣመሪካ ብዘለዎ ዝንቡዕ ኣራኣእያ ተበጊሱ ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብዘይ ምኽንያት ነቲ ኣብ ኦክላንድ ዝነበረ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈትና ምዕጻዉ'ዩ። ማዕጾ ናይ ህንጻ ዳኣ ዓጽዩ እምበር፣ ማዕጾ ልቢተቓላሳይ ኤርትራውስ ኩቶ ክዓጽዎ ኣይከኣለን ኣይክኽእልን ከኣ'ዩ። እኳድኣ መሊሱ ሓነነ። ጽንዓትን ትብዓትን ሓቦ ደለበ። ብኡ መሰረት ከኣ እቲ ቃልሲ ኣብ ሓድሽ ምዕራፍ ኣድሃበ።

ምዕራፍ "<u>ከም ነብስኻ ምኽኣል ዝመስልዎ የለን።</u> ምዕጻው ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ንብዙሓት ፈተውቲ ሃገርን ተቓለስትን ንግዚኡ ኣቐጢዑ እዩ። ንሃሱሳት ከኣ ንግዚኡ ኣደሲቱ እዩ። ነቶም ውፉያት ግን ብልሓት'ዩ ፈጢሩሎም። ብልሓት ንሓድሽ መንገዲ ቃልሲ። ቃልሲ ቀጻልነት፣ ንማሕበረ ኮማዊ ኣገልግሎት። ኣገልግሎት ህዝቢ መታን ከይግታእ ገዛ ተኻሪኻ ጉቡእ ኣገልግሎት ምሃብ ዝብል ስጉምቲ ምውሳድ'ዩ። ብኡ መሰረት ከኣ እቲ ንብዙሓት ሃገራውያንን በቃ ዘበለን፤ ንውሑዳት ሓሱሳት ዳንከራ ዘትከለን ተርእዮ ምዕጻው ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ብኻልእ ስምን መልክዕን ትንሳኤኡ ኣበሰረ። ማህበረ ኮም ኤርትራውያን ኣኦክላንድ (ECCCC) ። እቲ ኩነታት ኣብ መንጎ ህዝቢ'ውን ክቕየር ግድን ኮነ። እቲ ብምዕጻው ዝጎሃየ ዳንከራ ዓወት ክወቅዕ ከሎ፣ እቲ ብምዕጽው ብታሕጓስ ኣፍልቡ ዝሃርም ዝነበረ ከኣ ኣብ ብርቱዕ ጓሂ ተሸመ። በዚ ዕዉት ስጉምቲ ልቦም ብጓሂ ዝተቓጸሉ ተጻባእቲ ሃሱሳት ብምልኣኽ ኣብ ልዕሊ'ቲ ህንጻ ናይ ማሕበረ ኮም ናይ ቀቢጸ ተስፋ ስጉምቲ ብምውሳድ ጸልማት ተጎልቢቦው ገለ ዕንወት ኣውረዱ። ሓደ ዝዘንግዕዎ ንገር እንተነይሩ ናይቲ ማሕበረ ኮም ካመራ ክሸፍኑዎ ምፍታኖም'ዩ። ካመራ ግን ስርሑ ኣየቋረጸን። ሳላ ተክኖሎጆ ኣሉ ክብሉሉ ብዘይክእሉ ኣገባብ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ቀሪቦም ሕፍረት ስዕረት ዘማልኤ ፍርዲ ተገዘሙ። ስሞም ከኣ ኣብ ታሪኽ ገበነኛታት ተመዝገበ። እቶም ነዚ እከይ ተግባር ንክገብር ዝሃንደሱ ግን ካብ ዝኾነ ገበን ከድሕኑዎም ኣይኮነንስ ከጸናንዑዎም'ውን ኣይተራእዩን።

እዚ ገዛ ተኻሪኻ ኣገልግሎት ምሃብ'ውን ምስ ብዙሕ ተጽዕኖታቱ ነቶም ውፉያት ኣብ ካልእ ምብልሓት ኣእተዎም። ምስኡ ተወሳኺ ጸገማት'ውን ኣብ ግዜ ህዝባዊ ባዓላትን ዓመታዊ ፈስቲቫላትን ኣደራሽ ተኻሪኻ ዝግበር ውራያት፣ (1) ብዓይኒ ወጻኢታት ኣዝዩ ሃሳዩ። (2) ብዓይኒ ጸጥታ ደባን። (3) ብዓይኒ ኣኽብሮት ኣደራዕ ዘሎዎ። (4) ብዓይኒ ግዜ ዘየዕግብ ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ ሓድሽ ሓሳብ ክመጽእ ግድነት ኮነ።

<u>ዋንነት</u>፤ ስልምንታይ ናትና ህንጻ ዘይንገብር ዝብል ሓሳብ ካብ ነዊሕን ዝተሓላለኸ ተሞኩሮ ዝተጠርየ ሓሳብ ኣብ ኣእሙሮ ብዙሓት ከም ሓረግ ተጠናኒጉ ዕንኪሊል ክብል ዝጸንሔ፡ ክራይ ድሓን

ኩኒ ኣብ ዘብል እንፈት ዘምረሒ  ሓሳባት ብብርቱዕን ቁልጡፍን መንፈስ ኣብ ነብሲ ወከፍ ኣእሙሮ ናይቶም ኣበገስቲ ምስ በሰለ ናብ ህዝቢ ቀረበ። እቲ ኩሉ ግዜ ንዓወት ድሕር ዘይብል ህዝቢ ንዝቐረበሉ ሓሳብ ሓንጎፋ ኢሉ ብታሕጓስ ተቀበሎ። ኣዳራሽ ንምግዛእ ተወሰነ። ህዝቢ ኣበርክቱኡ ክልግስ ተሓተተ። ዓቕሙ ዘዘፍቕዶ ከኣ ኣበርከተ። እብዚ ክጥቀስ ዝግብኦ ነገር እተሎ ገለ ውፉያት ሕልፍ ዝበለ በገንዘብን ጉልበትን  ግዜን ዘበርከቱ ከምዘለዉ ክፍለጥ ይግባእ። ተስፋ እገብር ከእ ግዚኡ ምስ ኣኸለ ዝምልከቶም ባእታት ንሰናይ ተግባራቶም  ክንገረሎም። ህንጻ ተገዚኡ። ግን ብዙሕ ስራሕ ከም ዘድልዮ ፍሉጥ ነበረ።

ሕጂ’ውን ዝጎደሎ ከይተመለኤ ድቃስ የለን ኢሎም ዝተበገሱ ዕዉታት ስራሕ ተተሓሓዝዎ። ኣብ ኤርትራዊ ባህሊ ኣይክእል እየ ምባል ነውሪ’ዩ። ክገብር’የ ዝበለ ከኣ ዝዓግቶ ነገር ከምዘየለ ካብ ሕሉፍ ተሞኩሮ ተቐሲሙ’ዩ። እቲ ምትዕርራይ እናቐጸለ እንሆ ኣብ 2015 ዝግበሩ በዓላት ማለት በዓል ሓማድኤ - ብዓል ናጻነት - ማዓልቲ ሰማእታት  ብዓቢኡ ከኣ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ምዕራባዊ ዞባ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብዚ ሓድሽ ኣደራሽ መን ኢካ ዝብለካ ዘይብሉ፣ ሰዓት ኣኺሉ ኢልካ ዘይትርበጸሉ፣ ጸጥታ ዝተሓለወሉ፣ ብሓጽሩ እታ ወጋሕ ተበል ለይቲ ብሓቂ ዝተመስከረትሉን ዝኸበረትሉን ፈስቲቫል 2015 ጉድለት ብዘይብሉ ሙሉእ ብምሉኡ ተሳታፊ ናይ ዝሓለፈ ዓመታ ዝተካሕሰሉ ባዓል። ኣብ ናትና ኣዳራሽ፡ ብኣና፡ ንዓና፡ ግዜ ኣኺሉ ውጹ ወይ ወሱኹ ዝብላ ቃላት ከም ጨው ዝሓቐቓሉ። እቶም ወናማ ስነ ጥበባውያን ንህዝቦም ክሳብ ይኣኽለኒ ዝብል ዘተለሃይሉ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ኩሉ ነጋዳይ እንቛዕ ናትና ሃለወልና ኢሉ ተመሳጊኑ ዝተፋነወሉ ዕዉት ፈስቲቫል ምንባሩ ምስክርነተይ  የረጋግጽ።

ኣብ መጨረስታ ነቶም ከይተሓለሉ ካብ መጀመርታ ክሳብ ሕጂ ጉልበቶምን ፍልጠቶም ከይበቐቑ ንጽባቐ እቲ ኣደራሽ ኣብ ስራሕ ዊዒሎም ናብ ስራሕ ዝጽመዱ ዘለዉ ብጾት ከመስግን እፈቱ። እቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያት ብኣካል ተረኺብኩም ክትሳተፉ ዘይከኣልኩም  ዓቕምኹም ብዘፍቕዶ መሰረት ኣበርክቶኹም ክትልግሱ እምሕጸን። ኮምኡ’ውን ነተን ዝተፈላለያ ከተማታ ነዚ ሰናይ ተበግሶ ኣብ መፈጸምትኡ መታን ክበጽሕ ዝኣተኸናኦ መብጽዓ ዘይከፈልክን መታን ስራሑም ወዲኦም ከዕሩፉ እቲ ዝተመባጻዕክንኦ ብዘይ ውዓል ሕደር ክትሰዳሎም ከዘኻኽር እፈቱ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።